ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን

جبهة الانقاذ الوطني الارترية
مكتب الاعلام والثقافة

Eritrean National Salvation Front
Information and Caltural office

ዜና

ገዳይም ተጋደልቲ ንወታሃደራዊ ኣገልግሎት ይጽዊዑ ኣለዉ

ሚኒስተር ምክልኻልን ኣርካን ኲናትን ዘይብሉ ሚኒስትሪ ሓይልታት ምልክኻል ኤርትራ፡ ድሕሪ ኲናት ኤርትሮ ኢትዮጵያ ብዕላዊ መሰነይታ ተፋኒዮም ኣብ ዞባ ጋሽ -ባርካ ዝነብሩ ኩሎም ገዳይም ተጋደልቲ ኣኣብተን ዝነበሩወን ክፍላተ ሰራዊት ብኣካል ተረኺቦም ኪምዝገቡ ዝእዚዝ ህጹጽ ወተሃደራዊ መጸዋዕታ፡ ኣብ’ዚ ወርሒ ጥሪ መእተዊ ዓመተ 2020 ከምዝመሓላለፈ ምንጪ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ገሊጹ።

ብዙሓት ካብቶም ወተሃደራዊ መጸዋዕታ ዝምልከቶም ኣብ ዘንቢል ኣንጠልጥሎም ከልዕልዎ ዝኽእሉ ፈኲስቲ ኣቑሑት ተሰኪሞም፡ ኣባይቶም ከም ዘሎዎ ኩፉት ገዲፎም፡ ብለይቲ ሩባ ጋሽ ሰንጥቆም ምስ ኣባላት ስድራ ቤታቶም ናብ ትግራይን ሱዳንን ንስደት ይምርሑ ምህላዎም፡ እቲ ምንጪ ወሲኹ ሓቢሩ። ከምኡ’ውን ኣብ ኣጋመወዳእታ ዓመተ 2019 ሓይልታት ገፈፍቲ ኣብ ገጠራት ከበሳ ኣብ ዘካየዱዎ ጊፋታት ብብዝሒ ኣረጋውያንን ደቂ ኣንስትዮን ስለዝረኸቡ፡ ክንድ’ቲ ዝደዩዎ ሽቶኦም ክወቕዑ ከምዘይከኣሉ፡ እቲ ዝተጠቕሰ መንጪ ገሊጹ።

ምንጪ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኣብ ዝለኣኸልና ህልው ዜና፡ ትኩር ኣስተብህሎ ዘድልየን ክልቴ ነጥቢታት ርኢና ኣሎና። ኩሉ ሃገራዊ ጉዱስ ከቅልበለን ድማ ነመልክት። ንሳተን ካኣ፡-

ቀዳማይ፥- ኣብ ዝሓለፈ ፍትሓዊ ሓርነታዊ ተጋድሎ ጸረ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ሃገራዊ ጉቡኦም ፈጺሞም፡ ኣብ ዘይፍትሓዊ ኲናት ዶብ ኤርትሮ ኢትዮጵያ’ውን ህጹጽ ክተት ተቀቢሎም፡ ምስ ኣሕዋቶም ሓዲሽ ወለዶ (ዙርያታት ሳዋ) ኮይኖም ጉቡኦም ብድሕሪ ምፍጻም፡ ብስንኪ’ቲ በብዓይነቱ ኣካላዊ ጉድኣትን ጥዕናዊ ምጒስቋልን ካብ ሚኒስትሪ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ብዕላዊ መንገዲ ዚተፋነዉ ገዳይም ተጋደልቲ፡ ኣብ’ዚ እዋን’ዚ ናብ ወተሃደራዊ ኣገልግሎት ምጻዋዖም፡ ብርግጽ ዕንወት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ዘርኢ’ዩ። ህልው ስርዓት ኢሳያስ ኣብ ዕድመ ስልጣኑ ልዑላዊ መሬት ኤርትራ ካብ ግዳማዊ ተጻብኦታት ክከላኸል ዝኽእል ብቑዕ ሞያዊ ስልጡን ሰራዊት ኣይሃንጸን። ዲክታቶራውያን ስርዓታት ንዕብየት ሃገርን ህዝብን ዳኣ’ዮም ዘየግደሱ’ምበር፡ ስልጣኖም ንምሕላው ገጂፍ ዘመናዊ ሰራዊት ይሃንጹን፡ ሙሁራት ጀነራላት ይምልምሉን’ዮም። ስርዓት ኢሳያስ ግን፡ በ’ንጻሩ ሃገራዊ ሰራዊት ዘፍርስን ጀነራላቱ ብላዕለዋይ ትምህርትን ዘበናዊ ወተሃደራዊ ስልጠናን ዘየመልምልን’ዩ። እዚ ኮነ ኢሉ ብውሽጡ ሃገረ ኤርትራ ንምፍራስ ዝዓለም ሕቡእ ሓደገኛ ዕላማ ዝሓቐፈ’ዩ። ክንድ ዝኾነ ካኣ፡ ኤርትራ ካብ ደገ ዘንጸላልዋ ሽርሒታት ምልሓቕ፣ ወይ ኀበጣ፡ ዝምክትን ዝከላኸልን፡ ብቑዕን ስጡምን ሃገራዊ ሰራዊት ስለዘይብላ፡ ንዝኾነ ግዳማዊ ተጻብኦታት ብቀልል ክትቃላዕ ትኽእል’ያ።

ካልኣይ፡- እቲ ኣብ ከበሳ ዝረአ ዘሎ ተርኢዮ ዘይተመጣጠነ ጾታዊ ጽፍሒ መስርሕ ስነ ተዋልዶ ዘምጸኦ ኣይኮነን። ደረት ኣልቦ ሓውሲ ግላዊ ወተሃደራዊ ኣገልግሎትን፡ ማሕበራዊ ዘይቅሳነትን፡ መብዛሕትኡ መንእሰያት ደቂ ተባዕትዕዩ ናብ ስደት ብምምራሕን፡ ደቂ ሃገር ዝሶጒግ ፖሊሲ ህላው ገዛኢ ስርዓት ኢሳያስ ዝወለዶ ሓደገኛ ጾታዊ ምዝባዕ’ዩ። ጉዱሳት ሙሁራት ኤርትራውያን እዚ ጉዳይ’ዚ ኣብ መላእ ሕብረተ ሰብ ኤርትራ ኣብ ማሕበራውን ሰነእምሮኣውን ቁጠባውን ፖለቲካውን መዳያት ሂወት ሰብዘስዕቦ ሓደጋታት ብስነ ፍልጠት ክምርምርዎን መፈወስታቱ ክሕብሩን ንማሕጽን።

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ

5 ጥቅምቲ 2020